# መርሆ

ጥቅምቲ 2014 5ይ ዓመት ሕታም ቁ.12

**ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ሰደግኤ/ ዝዳሎ ዕላዊ ልሳን**

## መርሆ

ብባህርን ምስልን ንክልተ፡ ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ኩነት ዝጣመሩ ተርእዮታት ብማዕረ ዝውክል፡ ማንታ ትርጉም ዘለዎ ኣምር ወይ ቃል'ዩ።

ካብ ድቅድቕ ጸላም፣ ካብ ዓሚቕ ባዓቲ ወይ'ውን ካብ መሪር መግዛእታዊ ኣርዑት ሓራ ንምውጻእ ዘገልግል፡ መዋጽኦ ወይ'ውን ባብ ራህዋ ክህሉ ግድን'ዩ። እዚ ባብ'ዚ ካብ ጭንቅን ሕሰምን ዘናግፍ መስተርሆ ናይ'ቲ ኣደራዕ ብምዃኑ፡ እቲ ባብ መርሆ'ዩ።

ናብ'ቲ ክትበጽሖ እትብህጎ መስተርሆ-ባብ፣ ጫፍ ዓወት ንምብጻሕ፡ ንጊዚያዊ ግድላት ካብ እምኒ-ዓረ ብዝተረረ ጽንዓት፣ ውፉይነትን ቅሩብነትን ምብልሓት ዝሓትት'ዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ተኣምራታዊ ሓይሊ፡ ብንጹር ራእይን እስትራቴጂን ዝግራሕ ቅኑዕ መስመር ምዕታር ድማ የድሊ። እዚ ቅኑዕ መስመር'ዚ መንገዲ ዓወት'ዩ። ነዚ መንገዲ ዓወት ዝቕልስ ከኣ መርሆ'ዩ።

መርሆ ዕላዊት ልሳን ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) ኮይና፡ ከም ውድብ ንዝተበገስናሉ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ቃልስና ንምዕዋት፡ ውድባዊ ፖለቲካዊ ኣማራጺታትና እትእምት፡ መንገዲ ሓቀኛ ዓወት ብምምራሕ፡ ብመንፈስን ተልእኾን ነቲ ዝተሰመየትሉ ዓሚቕ ትርጉምን ረዚን ዕላማን ብብቕዓት ንምፍጻም፡ ኣብ መስርዕ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ዝካየድ ህዝባዊ መኸተ፡ ናይ ቃልሲ ግቡኣ ንክተበርክት ዝተሰለፈት፡ ዳግም መርሆ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ዕላማታትና ኮይና ከተገልግል፡ ቃለ-መሓላ ዝኣተወት ልሳንና'ያ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ ሰደግኤ

Website: - www.merho.net

E-mail:- webmaster@merho.net or admin@merho.net

# ትሕዝቶ

## ርእሰ-ዓንቀጽ

ብቃልን ተግባርን ዝሰመረ ሓባራዊ ዕዮ……………………………………….2

ብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታትና ምኽባር፡ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ንምግታእ፡ ብቐዳምነት ዝስራዕ ናይ ቃልሲ መርሆ! ……………………………………………………………….3

“ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል…..!!” ቅኑዕ መድረኻዊ ጭርሖ …….……………….……………..7

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ብቃልን ተግባርን ዝሰመረ ሓባራዊ ዕዮ

365 ንጹሃት ዜጋታትና ኣብ ደሴት ላምፐዱዛ፡ ብማዕዶ ብርሃን እናማዕደዉ፡ ብቕጽበት ብዘሰቕቕ ኣገባብ ብጅምላ ዝሃለቑሉ ናይ 03 ጥቕምቲ 2013 ጸሊም ታሪኽ፡ ዝኽሪ ቀዳማይ ዓመት እንዝክረሉ እዋን እዩ። እዚ ተረኽቦ'ዚ፡ **"ጸሊም ናይ ንብዓት መዓልቲ ዓለምና"** ዝተሰመየ፡ ካብ ድርኩኹት ነቲ ፍጻመ ዘተኣናገደት ላምፐዱዛ ጀሚሩ ብዓባያ ሃገረ ጣሊያን ን3 መዓልታት፡ መዓልቲ ሓዘን ዝኣወጁሉ፡ ንዓለምና ዘንቀጥቀጠ ህልቂት እዩ። ንኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ህልቂት ስደተኛታት ንምግታእ ግቡእቱ ክገብር ናብ ውሳነ ዝደረኾ እዩ። ኣፍሪቃዊ ሕብረት መዓልቲ ሓዘን ብምእዋጅ፡ ሓዘኑ ዝገለጸሉ ኣጋጣሚ እዩ። ንኤርትራ ሃገርና ዝመርሕ ዘሎ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ድማ፡ ንሞትን ህልቂትን ዜጋታቱ **"ኣፍሪቃውያን ዘይሕጋውያን ስደተኛታት"** ብዝብል ጸያፍ ዝኾነ ርእሰኻ ዘድንን ኣገባብ ገለጾ። እዚ'ውን ከይኣክል፡ ግዳያት ንቡር ቀብርን ሓዘንን ከይረኽቡ ተኸልኪሎም፡ ኣብ ጋህሲታት ሲሲሊ ብግዚያውነት ኣስከሬኖም ክዓርፍ ዝተፈርደሉ ዕለት'ዩ። መራሕቲ ዓበይቲ መንግስታትን ሃይማኖታትን **"ሕሰም ኣይትርከቡ"** ብምባል ኣብ ጎኒ መላእ ህዝብታት ኤርትራ ኮይኖም ሓዘኖም ገሊጾም'ዮም። ብኣንጻሩ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ግዳያት ላምፐዱዛ ክሕደት ምፍጻሙ ከይኣክል፡ ሬሳታቶም ሓመድ-ድብ ከይለበሰ፡ ብፌስቲቫላትን ጓይላን ነቲ ኤርትራዊ ቃንዛ ክኽውሎ ምፍታኑ፡ ኣብ መላእ ስድራ-ቤታት ግዳያት፣ ህዝብታት ኤርትራን ሓይልታት ተቓውሞን መሪር ቁጠዐ ፈጢሩ'ዩ። ንግዳያት ህልቂት ላምፐዱዛ ንምድባስ፡ ኪኑኡ ከኣ ንተመሳሳሊ ተርእዮታት ንምግታእ፡ ኣብ ልዕሊ መቓብር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምምስራት ብሕራነ መብጽዓ ዝተኣተወሉ ዕለት'ዩ ኔሩ።

ሎሚ ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ ምስ ሕልናና ሞጕትና መብጽዓና ክንዝክር እንከሎና፡ ኣብ ማሕላና ምህላውና ክንፍትሽ፡ ኣበይ ነርና እንታይ ጌርና? እንታይ'ከ ይተርፈና ኣሎ? ክንብል ግድን'ዩ።

ካልእ ገዲፍና ድሕሪ ዘሰቕቕ ፍጻመ ላምፐዱዛ፡ ኣሰሮም ሲዒቦም ናብ ስደት ዝወሓዙ ዜጋታትና ንርአ። ከም ኣገላልጻ ኣህጉራዊ ትካል ስደተኛታት ኣይ.ኦ.ኤም. (IOM) ኣብ ውሽጢ ሸሞንተ ወርሒ፡ ናብ ጣልያን ካብ ዝኣተዉ 75 ሽሕ ስደተኛታት ልዕሊ ¼ ኤርትራውያን ምዃኖም፡ ንጸብጻብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ጣልያን መሰረት ጌሩ ዝዘርግሖ ሓበሬታ ኣሎ። ብመሰረት እቲ ሓበሬታ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብኣሃዝ 28,557 ኣብ ቀዳማይ ተርታ ብዝሒ ስደተኛታት ተሰሪዖም ኣለዉ። ካብ'ዚ ብኣሃዝ ዝተሰነየ ቁጽሪ ኤርትራውያን ወጻኢ፡ ኣብ ገማግም ባሕርታት ሊብያን ጣልያንን ከንዲ ላምፐዱዛ ስሕበት ዘይረኸቡ፡ ግን ድማ ብዙሓት በብእዋኑ ዝሃለቑን ሬሳታቶም ኣብ ባሕሪ ዘንሳፈፈን ፍጻሜታት ምንባሮም ማዕከናት ዜና ክጽብጽባ ሓግየን ኣለዋን።

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተሳጥሑሉ፡ ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ መግለጺታት ብጻዕቂ ተርእዮታት እናተሰነየ፡ ኢድና ጠውዩ ክብርታትና ዝቐንጠጠ'ሉ እዋን'ዩ። ከቢድ ዋጋ ዝኸፈልናሉ ነጻነት፡ ብተናጸል ከም ዜጋታት ብእኩብ ድማ፡ ከም ህዝቢ ሃገራዊ ክብርታትና ተባሕጕ፡ ንውርደትን ሓሳረ-መከራን ዝተሳጣሕናሉ እዋን ምዃኑ ልዕሊ'ዚ ኣብነት የሎን። ሃገራውነት ማለት ብልኡላዊ ስልጣን ህዝብታታ'ዩ ዝግለጽ። ሃገራውነት ማለት ብብሉጽ ክብርታት ዜጋታት'ዩ ዝግለጽ። ንህዝብታታ ዘይትኸውን ሃገር፡ ንዜጋታታ ዘይተኽብር ሃገር፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ብኣወንታዊ ተራ ዘይኮነስ፡ ሕልናኻ ብዝሰብር ሳጓታት እትልለይ ሃገር፡ መነየቲና ክትከውን ዘይሕሰብ'ዩ። ብርግጽ ናይ'ዚ ኩሉ ሕሰም ብሕታዊ ተሓታቲኡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ እዩ።

ነዚ ኩነት'ዚ ኣብ ምዕጻፍ፡ እቶም ሕድሪ ሰማእታት ኤርትራ ዝተቐበልና፡ ሰብ መብጽዓን ቃል ኪዳንን'ከ እንታይ ጌርና? ክንምልሶ ዝግባእ መድረኻዊ ግድል'ዩ። ሎሚ ኣብ ዜሮ ሰዓት ዝበጻሕናሉ፡ ኣብ ብልሒ-መላጸ ደው ዝበልናሉ ወቕቲ ኢና ዘሎና። ድሕነት ህዝብን ሃገርን ከነውሕስ ኣብ ኣጋ ቅብጸታዊ ሰዓት፡ ቅጽበታዊ ምላሽ ክንህብ እንሕተተሉ ዘሎና መድረኽ ኢና ንርከብ ዘሎና። ነዚ መድኻዊ ጠለብ'ዚ ንምምላሽ ከኣ፡ ብልምዲ ንዝወረስናዮ፡ መመሊሲና ዝፈተንናዮ፡ ተሓጺብካ ጭቃ ዝኾንናሉን ናይ ፍሽለት ተሞኩሮና ብዘየዳግም እንእርመሉ፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝጠልቦ ኩሉ-መዳያዊ ነጥበ-መቐይሮ እነረጋግጸሉ እዋን'ዩ። ድሕነት ህዝብን ሃገርን፡ ብቃልን ተግባርን ስሙር ናይ ድሕነት ሓይሊ ምህናጽ ይጠልብ። ስሙር ናይ ድሕነት ሓይሊ ከኣ፡ ሓባራዊ ዕዮ የነጽር። እዚ መሰረታዊ ቅድመ-ኩነት'ዚ ከኣ፡ ካብ ሓባራዊ ኣረኣእያ ወጻኢ ክፍጠር ኣይከኣልን'ዩ። ነዚ ታሪኽ ዘሰከመና ሓላፍነት ንምፍጻም፡ ቃል ንእቶ። ንምትግባሩ ከኣ ድልውነትና ነረጋግጽ።

# ብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታትና ምኽባር፡ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ንምግታእ፡ ብቐዳምነት ዝስራዕ ናይ ቃልሲ መርሆ!

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ብሩህ መጻኢ ተስፋታቶም እናሃሰሱ፡ ሕቶ ድሕነትን ቀጻልነቶምን ናብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ኩነታት እናዓረገ ይኸይድ ምህላዉ፡ ቀንድን ኣዝዩ ኣሻቓልን ኤርትራዊ ኣጀንዳ ካብ ዝኸውን ሓጊዩ'ዩ። ከም እምነት ውድብና፡ እዚ ቅድሚ 10 ዓመታት ብደረጃ ክልሰ-ሓሳባዊ መግለጺታቱ ርሑቕ ዝመስል ዝነበረ ምልክታት ናይ'ቲ ሓደጋ፡ ሎሚ ናብ ዝተጨበጠን ብተግባር ዝግለጽን ሓደጋ ተሰጋጊሩ'ሎ። እቲ ዝያዳ ዘሻቕል ድማ፡ እቲ ሓደጋ ልዕሊ'ቲ ንምግትኡ ዝግበር ጻዕርታት ገቢሉ፤ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ናይ ምዃን ዕድላቱ እናሰፍሐ፡ ንህልውናን ቀጻልነትን ህዝብን ሃገርን ብግልጺ ንምህዳድ ናብ ዘኽእሎ ብርኪ ይሰጋገር ምህላዉ'ዩ። ብርግጽ ከኣ፡ እዚ ሓደጋ'ዚ፡ ብትሕዝቶን ዓይነትን እናገዘፈ ሳዕቤናቱ ድማ እናዓሞቐ ይኸይድ ምህላዉ፡ ብዙሓት መረዳእታታት ምቕራብ ይከኣል'ዩ።

ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን'ዚ፡ ወግዓዊ ዝኾኑ ኣህጉራዊ ጸብጻባት ከም ዝእምትዎ፡ ብቐጻሊ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክሳብ ኣርባዕተ ሽሕ ዝበጽሑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ዶብ ብምስጋር ናብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ከም ዝኣትዉ ኣረጋጊጸም'ዮም። እዞም ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ብግዚያውነት ዝዕቆቡ ስደተኛታት፡ ናብ ዳግማይ ስደት ኣርሒቆም ዝገሹ ምዃኖም ድማ ዝሓለፈ ተሞኩሮና መረጋገጺ'ዩ። ናብ ኣውሮጳ ካብ ዝኣትዉ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ  ስደተኛታት፡  ካብ ሶርያውያን ብምቕጻል፡ ኤርትራውያን ዝበዝሑ ምዃኖም ዝተዘርገሐ ወግዓዊ መግለጺ ኣሎ። ካብ ሃገራት ኣፍሪቃ ብድምር ናብ ኣውሮጳ ንምስጋር ብባሕሪ ካብ ዝጓዓዙ ስደተኛታት ድማ፡ ኤርትራውያን መዳርግቲ ከም ዘይብሎም ብቀጻሊ ማዕከናት ዜና ዝግለጽ ሓቂ'ዩ። ካብ ውሽጢ'ዚ ኣሃዝ ድማ፡ ኣብ ገማግም ባሕርታት ማልታን ሊብያን መዓልታዊ ኣስከሬን ስደተኛታት ብማዕበል እናተገፍዐ ኣብ ባሕሪ ከም ዘንሳፍፍ፡ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ዝህብዎ መረዳእታታት ብጻዕቂ'ዩ። ነዚ ኣጠቓላሊ ስእሊ ስደተኛታት ከም መበገሲ ብምውሳድ፡ ቁጽሪ ኤርትራውያን ስደተኛታት ምስ ብዝሒ ህዝቢ ኤርትራ ብምንጽጻር ብሓደ ሸነኽ፡ ዓይነታዊ ሓይሊ ሰብ ናይ'ዚ ንስደት ዝውሕዝ ዘሎ መንእሰይ ወለዶ ምዃኑ ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው ክረአ እንተኾይኑ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝፍጠር ዘሎ ባዶነት ኣመና ገዚፍ'ዩ። ዛጊት ብግልጺ ዝተጋህደ ጭቡጥ ሓደጋ ናይ'ዚ መድረኽ'ዚ፡ እዚ ኣብ ልዕለ-ባይታ ዝንበብ ዘሎ ብኣሃዛዊ መረዳእታ ዝተሰነየ ብርሰት ህዝብን ሃገርን ጥራይ ግን ኣይኮነን።

እቲ ሓደጋ ኪኖ'ዚ ብኣሃዝ ዝግለጽ፡  ዓይነታዊ ባህሪ'ውን ኣለዎ። ኣብ መስርሕ ጽንኩር ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ ብመሪር ዋጋ መስዋእትን ስንክልናን ዝተጠረየ ኤርትራዊ ሃገራውነት፣ ማሕበራዊ ክብርታት፣ መንፈሳዊ ጸጋታት፣ ወረጃ ስሩት ባህልን መንነትን ህዝብታትና ብመስርሕ እናተባሕጎጉ'ዮም። ሳዕቤን ናይ'ዚ ከኣ ህዝብታት ኤርትራ ከም ሓደ ስሙር ማሕበራዊ ኣሃዱ፡ ንዘበናት ዓቂቦም ዘጽንሕዎም መግለጺ መንነቶም ዝኾኑ ክብርታቶም እናህሰሰ፡ ቤተ-ሰባውን ማሕበራውን ምትእስሳሮም ኣላሕሊሑ ንዓንዲ-ሕቖ ሃገራዊ ስኒትን ሓድነትን ህዝብታትና ዝንዳእ ባዕዲ/ጓና/ ባህልን ኣተሓሳስባን ክስዕርር ምቹእ ዱኾዒ ፈጢሩ'ሎ። ስለዝኾነ ከኣ፡ እዚ ሓደጋ'ዚ፡ ከም ተርእዮ በዚ ዝግለጽ ዘሎ ባህሪ ክቀላቐል ምጅማሩ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ክሳብ ክንደየናይ ይዓሙቕ ምህላዉ ንምግማት ኣየጸግምን'ዩ። ስለዚ እምበኣር፡ ብሓጺር ኣገላልጻ ትማሊ ኣማዕዲና ዝራኣናዮ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ሎሚ ናብ ጋህዲ ተቐይሩ'ሎ። ጽዑቕ መግለጺ ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ፡ "ሓውኻ ኣበይ ኣሎ?" ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ሕቶ፡ ብኣርባዕተ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ ዝተዘርገሐ ጽሑፍን ኣብ ውሽጡ ዝሰነዶ ህልው ምስሊ ኤርትራን መርኣያ'ዩ። እዚ መግለጺ'ዚ ህያው ነጸብራቕ ህልው ኩነታት ኤርትራ'ዩ። እዞም ኣርባዕተ ሃይማኖታውያን መራሕቲ፡ ኣብ ከርሲ'ቲ ስርዓት እናሃለዉ ንመቑሕ ልኡምነት ብምስባር፡ ድምጾም ከቓልሑ ዝገበሮም ሚስጢር ታሪኻዊ ትብዓቶም፡ ህልው ኩነታት ሃገርናን ህዝብታታን ኣፍ-ኣውጺኡ፡ ብግብሪ ዝተሰነየ ህጹጽ ታሪኻዊ ሓላፍነትና ክንጻወት ይጠልበና ምህላዉ ዝደረኾ ጻውዒት ድሕነት'ዩ።

ብርግጽ ምንጪ ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ማዕረ-ማዕረቲ እናበረኸ ዝኸይድ ዘሎ ረቛሒታት ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣብ ቀጻሊ መስርሕ ምንቁልቋል ኣትዩ ምህላዉ ርኡይ ሓቂ'ዩ። እዚ ስርዓት'ዚ ዳግም-ትንፋስ ዝሶኽዓሉ ዕድላት ጸንቂቑ ኣብ ዕጹው መንገዲ ይኣቱ ኣሎ። ብኣንጻሩ ሓይልታት ተቓውሞ፡ ብእኩብ ይኹን ብተናጸል ነዚ ሓደጋ'ዚ ንምዕጻፍ ከካይድዎ ዝጸንሑን ዘለዉን ጻዕርታት ግቡእ ክብርን ሚዛንን ዝግብኦ'ኳ እንተኾነ፡ ወቓዒ ሓይሊ ናብ ምዃን ዝተሰጋገረ ኣይኮነን። ብካልእ ሸነኹ ከኣ፡ እቶም በዚ ሓደጋ'ዚ ቀጥታዊ ግዳያት ዝኾኑን ሰፍ-ዘይብል ዋጋ እናኸፈሉ ሓሳረ-መከርኦም ዝርእዩ ዘለዉ ውጹዓት ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ተግባራዊ-ተሞኩሮኦም ብምብጋስ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ተቓውሞታቶም እናሓየለ ይመጽእ ምህላዉ ኣብ ባይታ ዘሎ ህያው ሓቂ'ዩ። ግን ድማ፡ ገና ኣብ ትሕቲ ስጡም ውደባ ኣይተጠርነፈን፤ ስለዝኾነ'ውን፡ ሓያል ቅልጽሙ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ከዕርፍ ናብ ዘብቕዖ ደረጃ ኣይተሰጋገረን።

ቀንዲ ምኽንያት ናይ'ዚ መሰረታዊ ሕጽረት'ዚ እምበኣር፡ ሓይሊ ተቓውሞ'ዩ ሙሉእ ብሙሉእ ሓላፍነት ክወስደሉ ዝግባእ። ምኽንያቱ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንዝፍጽሞም በደላትን ታሪኻዊ ድሕረ-ባይትኡን ብደቂቕ ብምግምጋም፡ ህዝቢ ንዝህቦ ግብረ-መልሲ እናተኸታተለ፡ ንዝተፈጠረ ናይ ቃልሲ ድልውነት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ብቑዕ ኣመራርሓ ክህብ ትጽቢት ዝግበረሉ፡ ብመስርሕ ከኣ፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ደሞክራስያዊ ቃልሲ፡ ብንቕሓት ሰፊሕን ወሳንን ተሳትፍኦም ዘረጋግጹሉ ኩነት ክፈጥር ዝግብኦ ዝነበረ ሓይሊ ተቓውሞ ብምዃኑ። እንተኾነ ግን፡ ብብቕዓት ክፍጽም ኣይጸንሐን፤ ንተባራዕቲ ሕቶታት ህዝብታትና ኣብ ምልላይ፣ ብቑዕ ደሞክራሲያዊ ፍታሕ ኣብ ምቕራብ ኣብ ዙርያኡ ሓፋሽ ኣብ ምዕሳልን ኣይነፈዐን።

በዚ መንጽር፡ ከም ኤርትራውያን ኣብ ቅድሚና ዘሎ ህልው ኩነታት ክንመዝን እንከለና፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ንህልውናናን ቀጻልነትናን ብግልጺ ኣብ ዝህድደሉ ኩነት ንሰጋገር ኣሎና፤ ጠንቂ ናይ'ዚ ሓደጋ'ዚ ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ከኣ፡ ማዕረ'ቲ ሓደጋ ናብ ውድቀት ገጹ የንቀልቁል ኣሎ፤ ብኣንጻሩ፡ መተካእታ ክኸውን ትጽቢት ዝተገብረሉ ሓይሊ ተቓውሞ ድማ፡ ካብ ታሪኻዊ ኣበርክቶኡ ለጠቕ ኢሉ፡ ንህሉው ሓደጋ ንምዕጻፍ ዘኽእሎ ዓቕምታት ገና ኣይወነነን፤ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ መንእሰያት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ፡ ናይ ቃልሲ ድልውነታቶም ኣረጋጊጾም ከብቅዑ፡ ሰኣን ቅኑዕ ራእይ ዘስንቕም መሪሕ ደሞክራሲያዊ ውድብ ዓቕምታቶምን ጻዕርታቶምን ኣብ ዘይሰመረሉ ኩነታት ይርከቡ። ስለዚ ኣጠቓላሊ ኣተሃላልዋና፡ ኣብ ተሃዋሲ ዘይንቡር ኩነታት ምህላውና ርእሰ-ጉሉጽ ሓቂ'ዩ።

ስለዚ እምበኣር፡ ከም ህዝብን ሃገርን ውሑስ መጻእን ቀጻልነትን ንምርግጋጽ፡ እዚ ዘይንቡር ኩነት'ዚ ክቕየር ኣለዎ። ኣብ'ዚ መሰረታዊ ሓቂ'ዚ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታትን ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታት ኤርትራን ሓባራዊ ዕግበት ክፈጥሩ ወሳኒ ኩነት'ዩ።

ምእንቲ'ዚ ሓቂ'ዚ ክብሃል፡ ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ ናይ'ዚ ሓደጋ እንታይ'ዩ? ነቲ ሓደጋ ንምዕጻፍ ዘኽእል፡ ብኣረኣእያን ተግባርን ዝጠምር ሃገራዊ ዓቕሚ ንምህናጽ ዘገልግሉ ደሞክራሲያዊ መርሆታት እንታይ'ዮም? ዝብሉ ሕቶታት ምልዓል ግቡእ'ዩ ኢልና ንኣምን።

እዚ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን፡ ካብ ውልደት ናይ'ዚ ገዛኢ ጉጅለ'ዚ ዝጅምር እዩ። ኩሉ ከም ዝርድኦ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ድሒሩ ህ.ግ. ካብ ተሓኤ ክፍለ እንከሎ፡ ከም መመሳመሲ ዝተጠቐመሉ ምኽንያት፡ ንጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህሊ መሪሕነት ተሓኤ ብምብላጽ፡ ከም ፖለቲካዊ ሓይሊ ክሰርር ዝገበሮ ረቛሒ ምንባሩ ታሪኽ ዝምስክሮ'ዩ። እዚ ካብ መሳርዕ ተሓኤ ነብሱ ኣግሊሉ መተካእታ ዝኾነ ሓይሊ ግን፡ ብባህርን ተግባርን ካብ'ቲ ዝኾነዎ ድሑር መስፍናዊ ባህሊ ተሓኤ ዝተፈለየ ኣይነበረን። መሪሕነት ተሓኤ **"ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብን መሪሕነትን ንላዕሊ ኣይጸውርን'ዩ"** ብምባል ዘቃልሖ ግጉይ ጭርሖ፡ ከም ዘለዎ ዝወረሰን ልዕሊ መሪሕነት ተሓኤ ግብራውነቱ ንምርግጋጽ ዝተረባረበን ሓይሊ'ዩ ጉጅለ ኢሳይያስ። ኣብ ውሽጢ፡ ህዝባዊ ሓይልታት/ህግ ንዝነበሩ ደሞክራሲያውያን ጉጅለታትን ባእታታት'ውን ብመስርሕ እናሕቀቐ፡ ልዕልነት ኢሳይያስን ጉጅልኡን እናረጋገጸ፡ ዝቀጸለ'ዩ። እዚ ጸረ-ደሞክራሲያዊ ባህሪ'ዚ፡ ካብኡ ዝተፈለየ ርእይቶ ዘይጸውር፡ ብኣግላልን ትምክሕታውን ኣረኣእያ ዝግለጽ እዩ። እዚ ኣረኣእያ'ዚ ብጽኑዕ ወተሃደራዊ ሕግን ዲሲፕሊንን እናተኾብከበ ባህልን ልምድን ህዝባዊ ግንባር ኮይኑ፡ ናብ ፋሽስታዊ ስርዓተ ምሕደራ ክሰጋገር ባይታ ፈጠረሉ።

እዚ ብነጻነታዊ ጭርሖ ተኸዊሉ ብሙሉእ ዘይጉዱል ደገፍ ህዝብታት ኤርትራ ንድርኩኺት ዓወት ዝረገጸ ጉጅለ'ዚ፡ ጥሙሓቱ ንምዕቃብ ብሽም ግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ፖሎቲካዊ ስልጣን ብሒቱ ሓዘ።

ኣብ ጽባሕ ሓርነት፡ ከም ቦኽሪ ተርእዮ ድማ፡ ኣብ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ **"ናይ ውድባት ሓሸውየ ኣይፍቀድን እዩ፡ ብስም ውድባት ምጥቛስ ከም ከቢድ ወንጀል እዩ ዝቑጸር"** ክብል ኣወጀ፤ እዚ ንመንነት ፋሽስታዊ ስርዓቱን ኣብ መጻኢት ኤርትራ ክህሉ ዝኽእል ሓደጋን ዘቃልሐ መግለጺ፡ ብርእሰ ፋሽስቲ ኢሳይያስ ተደርጎሐ። እዚ መግለጺ'ዚ ናይ'ቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ልዕልነት ጉጅለ ኢሳይያስ ንምርግጋጽ፡ **"ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብን መሪሕነትን ንላዕሊ ኣይጸውርን'ዩ"** ዝበሎ በሓቲ ፖሊሲ መቐጸልታ'ዩ። እቲ ኣግላልን ትምክሕታውን ኣረኣእያ፡ ንተራን ኣበርክቶን ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ መስርሕ ነጻነታዊ ቃልሲ ብምድራት ሸውሃቱ ዘይረወየ፡ ክኒኡ ሰጊሩ ክሳብ ንብሄራዊ ብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታትና ብምኽሓድ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓቱ እትጸውር፡ ልዕልነቱ ዘረጋግጸላ፡ ብምስሉ ዝተቐርጸት "ሓዳስ" ኤርትራ ንምህናጽ ከምዝተላዕለ ዘቃልዐ ነበረ።

ብርግጽ ከኣ፡ እዚ ፋሽስታዊ ናይ ጥፍኣት ኣዋጅ'ዚ፡ ከይወዓለ-ከይሓደረ ስጋ ለቢሱ፡ ኣብ'ታ ብሓባራዊ ገድላዊ ኣበርክቶ ኩሎም ብሄራት፡ ብገዝሚ እልፊ-ኣእላፍ መስዋእትን ስንክልናን ደቃ፡ ጋማ እኽሊል ዓወት ዝኣሰረት፡ ብማዕረ ንኩሎም እትብጽሖም ውልዶ ሃገር፡ ብዘይ ሃገራዊ ቅዋምን ወኸሰ ህዝብታትን፡ ንነባር ስርዓተ ምሕደራ ኤርትራ ብምቕያር፡ ብሽም ዞባዊ ምምሕዳር ሓድሽ ስርርዕ ኣካየደ። እዚ ብዱዕ ትምክሕታዊ ፋሽስታዊ ፖሊሲ'ዚ፡ ነቶም ሰብ-ብርኪ ናይ'ታ ውልዶ

ሃገር ዝኾኑ ብሄራት ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ስልጣን ንዘለዎም ዘይገሃስ ዋንነት መንዚዑ፡ ደሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላቶም ብምጭፍላቕ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወቶም ዝተመሰረትሉ ዓውዲ ኣብ ትሕቲ ምሕረቱ ብምእታው፡ ታሪኾምን ባህሎምን ኣህሲሱ፡ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ጓንነት ከም ዝስምዖም ገበረ።

እቲ ውዲት ኣብ'ዚ ጥራይ ደው ዝብል ግን ኣይኮነን። ኤርትራ ከም ውልዶ ሃገር ብመስርሕ ነዊሕ ብረታዊ ቃልሲ ሰብኣዊ ይኹን ማሕበረ-ቁጠባዊ ዓቕምታታ ዝተዳቐቐን ነዚ ንምሕዋይ ናይ ቀዳምነታት ቐዳምነት ኣጀንዳኣ ክኸውን ምተገበአ ኔሩ። ምርጫ ጉጅለ ኢሳይያስ ግን፡ ህልውናን ቀጻልነትን ፋሽስታዊ ስርዓቱ ስለዘገድሶ፡ ናይ ኲናት ነጋሪት እናደሰቐ **"ታሪኻውያን ጸላእትና ዝድቕሱ ኣይኮኑን፤ ነብስና ንምክልኻል ንዳሎ"** ብዝብል ኣብ ባይታ ዘይነበረ ስግኣት ብምፍብራኽ፡ ንህዝቢ ብራዕዲ ጅሆ ብምዝራዕ፡ ንድጉል ባህግታቱ ዘተግብረሉ **"ኣዋጅ ሃገራዊ ኣገልግሎት"** ኣወጀ። ዕላማ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ፡ ከም'ቲ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ሳዋ ወታሃደራዊ ታዕሊም ንዝወሰዱ መንእሰያት ክምርቕ እንከሎ **"ንስኹም ናብ ሳዋ ቅድሚ ምምጻኹም ጥረ ኢኹም ኔርኩም፡ ኣብ ሳዋ ተጣሒንኩም፣ ተለዊስኩም፣ ኣብ ናይ ሳዋ ፎርኖ ከኣ ተቐጭቒጭኩም፤ ሎሚ ብፖለቲካውን ወተሃደራውን ዓቕምታት ዝበሰልኩም ኮይንኩም። ሳዋ ብቑዕ ሓይሊ ሰብ እትምልምል ሃገራዊት ፎርኖ እያ....."** ዝበሎ፡ ናይ "ሃገራዊ ኣገልግሎት"ን ሳዋን ኣድላይነት እዚ'ዩ። እዚ ከኣ ብትርጉሙ፡ ሳዋ ማሕበራዊ ምትሕንፋጽ ዝካየደላ ማእከል ፋሽስታዊ ናይ ምህንድስና ላባራቶሪ ምኻና ዘርእይ'ዩ። ሳዋ፡ ርእሰ-ፋሽስቲ ኢሳይያስ ዝጽየኖ፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን ብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ዝሕከኽላ፡ "ሓደ ህዝቢ-ሓደ ልቢ" ብዝብል ጭርሖ ሓድሽ ህግደፋዊ ማሕበረ-ሰብን መንነትን ዝቕረጸላ፡ ንናይ ምጽውዋርን ምክብባርን ኤርትራዊ ስሩት ባህሊ ብምምሓው፡ ኣግላልን በሓትን ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ዝስዕርረላ፡ ዓውዲ ናይ'ቲ ስርዓት ንምኻን ዝተሓጸየት ናይ ዕንወት ትካል'ያ።

ኣብ ገድሊ ዝጀመሮ "ንሕናን ንስኻትኹምን" ዝብል ሜልኡ፡ ድሕሪ ነጻነት'ውን ብዝዓሞቐ ኣባሊሕዎ። ገባርን ተጋደላይን፣ ናይ ተስዓን ወጋሕታን፣ ኣገልግሎትን ተጋደልትን፡ ወዘተ ብዝብል ዝተፈለለዩ ቅጽል ኣስማት ብምሃብ ምትፍናን ክዓሙቕ ሰሪሑሉ። ብማዕሪኡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ኣባል ሃገራዊ ኣገልግሎት'ውን ንቀዳማይ ዙርያ፡ "ማዲያት ሃገር" ንካልኣይ ዙርያ "ዓጌፋ"......በብዙራቱ ንሰራም ውዲታቱ ዘተግብረሉ ላቐባ ኣስማት ፈጢሩ፡ ግዳያቱ ጌርዎም'ዩ። እዚ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። እዚ "ንሕናን ንስኻትኹምን" ዝመግለጺኡ ተመዓዳዳዊ ሓይሊ ናይ ምፍጣር ውዲት፡ ሓንሳብ ሃይማኖታዊ መልክዕ ክሕዝ፡ በቲ ካልእ፡ ኣውራጃዊ ክመስል፡ ካብኡ ንታሕቲ ክሳብ ቑሸት ሊሒኹ ንማኣስር-ማሕበራዊ ዝምድናታት ህዝብታትና ክሳብ ዝፈታተን ኣሰራሲርዎ'ዩ።

ካብ'ቶም ፍሩያት ናብ'ቲ ሕብረተሰብ ብቐጥታ ዝሎሓኹ፡ ውጽኢት ከፋፊልካ ግዛእ ፋሽስታዊ ሜላ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኾኑ፡ ክልተ ኣብነታት ንርአ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ነዚ ሰራም ውዲት ንምትግባር ግዳዩ ዝገበሮ ሓደ፡ ብዙሕነታዊ ሃይማኖታዊ ኣካውና ህዝብታትና'ዩ። ኣብ ፈለማ እዋን ንተኸተልቲ ሃይማኖት ጆሆባ **"ሪፈረንደም ኣይነድምጽን ኢና ኢሎም። ነጻነት ኤርትራ ኣይቅበሉን እዮም"** ብምባል፡ ኤርትራዊ መንነቶም ክሳብ ምሕካኽ በጺሑ። ሲዒቡ ከኣ ኣብ ልዕሊ ተኸተልቲ ሃይማኖት እስልምና ብምንጽጻር፡ ንቡዙሓት ዜጋታት "ጀሃድ" ብዝብል ምኽንያት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእቲዩዎም። እቲ መስርሕ እናቐጸለ፡ በብእብረ ንኩሎም ሃይማኖታዊ እምነታትን ተኸተልቶምን ግዳይ ፋሽስታዊ ውጥኑ ጌሩዎም። ብተመሳሳሊ፡ ሓደ ዓይነት ብሄራዊ መንነት ዘለዎም፡ ተመሳሳሊ ሃይማኖታዊ እምነት ንዝኽተሉ ህዝብታት ድማ፡ ኣብ ጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጥኦም ብምምስራት፡ ኣውራጃውን ከባብያውን ምትፍናን ክዓሙቕ ሰሪሑ። በዚ መሰረት ድማ፡ ነቲ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ፡ ስሩት ባህሊ ኮይኑ ንዘመናት ዝጸነሐ ሕድሕድ ምክብባርን ምጽውዋርን ብምሽርሻር፡ ብመስዋእትን ስንክልናን ንዝተጠረየ ስጡም ሃገራዊ ሓድነቶም ኃዲእዎ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ሓደገኛ ኣከያይዳ'ዚ፡ ብጽበት ዝልለዩ ሓይልታት፡ ንድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማት ተበሊጾም ብቃንዛታት ህዝብታት ኤርትራ ሕቡእ ኣጀንዳታቶም ከሳስዩ ዘኽእሎም ምቹእ ባይታ ፈጢሩሎም ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ብቐዳምነት ንምድሓን ዝካየድ ጸረ-ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ቃልሲ፡ ዝተሓላለኸን ጽንኩርን ክኸውን ጌርዎ ይርከብ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ዝባኑ ዝቐልዐ ደመኛ ጸላኢ ኩሎም ብሄራትን ሃይማኖታዊ እምነታትን ህዝብታት ኤርትራ ምኻኑ፡ ኣብ ቅርዓት ወጺኡ እንከሎ፡ ሓይሊ ተቓውሞ መተካእታ ክኸውን ዝኽእለሉ ውዱብ ዓቕሚ ብዘይምውናኑ፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ንከቢድ ሓደጋ ተሳጢሑ ኣሎ። መብዛሕትኡ ሓይሊ ተቓውሞ መተካእታ ክኸውን ዘይበቕዓሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ዓሚቕ ብኩራት ንጹር ራእይ ዝወለዶ፡ ቅኑዕ ኣማራጺ ክቕርብ ስለዘይከኣለ'ዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ንብሄራዊ ብዙሕነት ህዝብታት ኤርትራ ዘይኣምን፡ ናይ ሃይማኖታት መሰልን ማዕርነትን ዘየኽብር፡ ዝወጸሉ ትምክሕተኛ ፋሽስታዊ ስርዓት ምኻኑ ኣብ ላዕሊ ተሰሚሩሉ ኣሎ። ኣብ ደምበ ተቓውሞና'ውን ብትምክሕቲ ዝግለጽ ዘይ-ዲሞክራስያዊ ኣረኣእያታት ምህላዉ፡ ካልእ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። በቲ ካልእ ጫፍ ድማ፡ ትምክሕታዊ ኣረኣእያን ተግባርን ዝወለዶም ዝተፈላለዩ መልክዓት ዘለዎም ጸቢብ ኣረኣእያታት፡ ኣብ ውሽጢ ሓይልታት ተቓውሞ ምህላዎም ዘይሕባእ ሓቂ እዩ።

ኣብ ላዕሊ ብንጹር ተቐሚጡ ከምዘሎ፡ ኣብ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ፡ እቲ ቀዳማይ ሓደጋ፡ ትምክሕታውን ኣግላልን ኣረኣእያ ምዃኑ ክስመረሉ ዘለዎ'ዩ። ምኽንያቱ ንብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታት ኤርትራ ብምኽሓድ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሓንፋጺ ፖሊሲ ሒዙ፡ ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ብርሰት ኣሳጢሑ ዘሎ መንግስቲ ህግደፍ ብትምክሕቲ ዝዓወረ ሓይሊ ብምዃኑ'ዩ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ፡ ጸቢብነት'ውን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ኣብ ምዕጻፍ ዘየገልግል፡ እኳ ድኣስ፡ ነዚ ሓደጋ'ዚ ኣብ ምቕልጣፍ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ካልእ ጫፍ ምዃኑ፡ ወድዓዊ ሓቂ'ዩ። ኣብ ህሉው ኩነታትና፡ ኣብ ክሊ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ፡ እቲ ብሃይማኖት ዝግለጽ ጸቢብነት፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታትና፡ እቲ ካልእ ዝኸፍአ ጫፍ ሓደጋ ኮይኑ ተደቂኑ ምህላዉ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንርእዮ ዘሎና እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ክሊ ብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ፡ "ሃይማኖታዊ ስርዓት" ንምትካል ዝዓለመ ምንቅስቓስ፡ ንመሰልን ማዕርነትን ዝተፈላለዩ ሃይማኖታት ዝጻረርን፡ ሕቶ ሓድነት ህዝብታትና ንኸቢድ ሓደጋ ዝሸምምን ብምዃኑ።

ህዝብታት ኤርትራ፡ ብከቢድ ቃልስን መስዋእትን ወለዶታት ዝዓቀብዎ ሓድነት፡ ኣበሪኾም ዝሰርዕዎ፡ ከም ብሌን ዓይኖም ዝከናኸንዎ ምዃኑ፡ ድርሳናት ታሪኾም ባዕሉ ምስክር'ዩ። ካብ 40ታት ጀሚሩ ክሳብ'ዚ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ዝተሳጥሑሉ እዋን፡ ሓድነቶም ንምዕቃብ ዝኸፈሉዎ ከቢድ ዋጋን ዝተሰከሙዎ ኣደራዕን፡ ንስሙር ኤርትራዊ ሃገራውነት ንምዕቃብ ምዃኑ ብግቡእ ምግንዛብ የድልየና። ስለዚ ነዚ ርስቲ-ታሪኽን መስዋእትን ህዝብታትና ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራዊ መኸሰብ፡ ኣብ ጸብጻብ ዘየእተወ ናይ ቃልሲ ኣንፈት፡ ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኤርትራ፡ ንብሌን-ዓይኖም ዶጊሑ ብርሃኖም ዘጸልምተሎም ናይ ርሑቕ ሓደጋ ጌሮም ከምዝርእይዎ ክንግንዘቦ የድሊ።

እዞም ክልተ፡ ብትምክሕትን ጽበትን ዝግለጹ ጫፋት፡ ብባህርን ተግባርን ተመጋገብቲ ኮይኖም፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ ክሊ ብሄራውን ሃይማኖታውን ብዙሕነቶም፡ ክወሓስን ክምዕብልን ዝተቓለሱሉ ሃገራዊ ሓድነት፡ ምንጪ ሓደጋታት'ዮም። ስለዚ ድማ፡ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኣንጸላልዩ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ብዘተኣማምን ንምዕጻፍ፡ ንክልቲኦም ጫፋት ዝእርም ቅኑዕ መትከላዊ መርሆ ምኽታል እዋናዊ ጠለብ እዩ። ንብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ፣ ሓድነቶም ዘውሕስ፣ መሰልን ማዕርነትን ሃይማኖታት ምኽባር ከም መርሆ ዝቕበል፡ መንግስቲ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃይማኖት፡ ከምኡ'ውን ሃይማኖት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት መንግስቲ ኢድ ምትእትታው ዘየፍቅድ/ሰኩላር/ መርሆ ምኽታል፡ ኣብ ጸረ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ቃልሲ ቅድመ-ኩነት'ዩ። እዚ መትከላዊ ሽካል'ዚ፡ ንኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ብማዕረ ዝጸውር፡ ኣማራጺታቶም ሒዞም ክዋስኡ ዘኽእሎም ጥጡሕ ሓባራዊ ናይ ቃልሲ ባይታ ዝፈጥር እዩ፤ ብክንድኡ ድማ፡ ኣብ ህዝብታትና ተሪር እምነት ዘማዕብል፡ ብቑዕ ናይ ቃልሲ መሳርሒ ዝኾነ ውደባ ንምፍጣር ዘኽእል ኣንፈት'ዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ ሽኻል ዘይብሉ፡ ቅኑዕ ናይ ምሕዝነትን ሓድነትን መትከላት ዘየነጸረ ምትእኽኻብ፡ ብኣካውንኡ ንህዝብታትና ዘበርግግ፣ ወሳኒ ተሳትፎኦም ዝቦኾሮ፣ ብጽምዋ ዝተበልዐ፡ ታሪኻዊ ኣበርክትኡ ኣወንዚፉ ሕድሕዱ ዝመናጨት ናይ መራሕቲ ውድባት ዓውዲ-ኵናት'ዩ ዝኸውን። ነዚ ሓቂ'ዚ ከኣ፡ ዝሓለፈ መሪር ተሞኩሮና እኹል ትምህርቲ ይኾነና'ዩ።

ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ኣብ ታሪኻዊ 6ይ ውድባዊ ጉባኤኡ፡ ነዚ መድረኻዊ ግድል'ዚ ብደቂቑ ገምጊሙ፡ ቀልቢ ህዝብታት ኤርትራ ዝስሕብ፡ ብሩህ መጻኢኦም ኣማዕድዮም ዝርእዩሉ፡ ብንቑሕን ሰፊሕን ተሳትፎኦም፡ ድሕነቶምን ሓድነቶምን ብዘተኣማምን ዘውሕሱሉ ናይ ምሕዝነትን ሓድነትን መትከላዊ መርሆታት ብምንጻር፡ ንምዕዋቶም ብጽንዓት ክቃለስ ጸኒሑን ኣሎን። ብርግጽ፡ ብትምክሕትን ጽበትን ዝግለጹ ክልተ-ጫፋት፡ ሕድሕዶም እናተመላልኡ፡ ብሩህ መጻኢ ተስፋ ህዝብታትና ክድብዝዝ፡ ብድሆታቱ ክሕይል'ኳ እንተገበርዎ፡ ናይ ሕጂ ልዕልነኦም ግዚያዊ፡ መኽሰባቶም ከኣ፡ ከም ናይ ንጉሆ-ዛዕዛዕታ ብጸሓይ ዝሃፍፍ ምዃኑ ጽኑዕ እምነት ውድብና'ዩ።

ውድብና ሰደግኤ፡ በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ቅኑዕ ናይ ቃልሲ ኣንፈት ተመሪሑ፡ ምስ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዓቕምታቱ ጠሚሩ ብቐዳምነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ኣንጸላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ብዘተኣማምን ንምድሓንን፡ ኣብ ክሊ ብዙሕነታዊ ክውንነቶም፡ ሓድነቶም ብምውሓስ፡ ዘላቒ ሰላምን ምርግጋእን ብምስፋን፡ ብቕዋም እትመሓደር ሃገር ሃኒጾም ዝነብሩሉ ኩነታት ንምፍጣር ብጽንዓት ክቃለስ እዩ።

# “ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል.....!!”
# ቅኑዕ መድረኻዊ ጭርሖ

ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ቅንያት፡ ሓያል ህቦብላ ናይ ስግኣት ኣብ ቀጽሪ ኤርትራውያን ክናፈስ ቀኒዩ። ብርግጽ እዚ ህቦብላ’ዚ ከባብያዊ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ምዕብልናታት ዞናና ዝወለዶ፡ ሓድሽ ዝመስል ግን ድማ፡ ዝጸንሐ ተርእዮ’ዩ። እቲ ዝገርም ግን፡ እቶም ነዚ መበገሲ ብምግባር፡ ከም’ዚ ዓይነት ተረኽቦታት ብምስናዕ ንክጥቀሙሉ ሀርዲግ ዝብሉ፡ ጉጅለታት ትምክሕትን በለጽን ህልው ኩነታት ኤርትራ ምቹእ ባይታ ፈጢሩሎም፡ ናብ ጥቓ-ሓቂ ዝቐረበ ዝመስል ሻቕሎት ብምፍጣር፡ ውዕውዕ መዛረቢ ኣጀንዳ ኮይኑ ምቕናዩ’ዩ ።

መበገሲ’ዚ ሻቕሎት ድማ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ኣብ ዝሓለፈ ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ዞባዊ ጉዳያት ዝተኸተሎ ጻሕታሪ ኩናት ፖሊሲኡ ዝወለዶ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ተነጽሎ’ዩ። ከም’ቲ “ጭጉራፍ’ሲ ባዕላ ወቒዓ ባዕላ ተእዊ” ዝብልዎ፡ እቲ ልሙድ ኣውያት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍን ዕሱባቱን ብጋህድን ብስውርን ዘሰራስሩዎ ወረ፡ ከም ለበዳ ክላባዕ ተራእዩ።

እዚ ወረን ንሱ ዝፈጠሮ ስግኣትን እንታይ’ዩ? ካበይ ይብገስ? ዕላምኡ’ኸ እንታይ’ዩ? ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒልና፡ ኣንፈት መኸተና ክነንጽር ግቡእ ኮይኑ ይስምዓና።

ከም ዝፍለጥ ዝምድናታት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍን መንግስቲ ጅቡትን ብምኽንያት ዶባዊ ግጭት ኣብ ዘይርጉእ ኩነታት’ዩ ጸኒሑ። እዚ ዘይርጉእ ኩነታት’ዚ፡ ብሞንጎኛነት መንግስቲ ቀጠር፡ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ብምስፋር ከተሃዳድኦ’ኳ እንተፈተነ፡ ገና መዕለቢ ዝረኸበ ኣይኮነን። ስለዚ ሓሓሊፎም ዝኽሰቱ ጎንጽታት ዘይተፈለዮ ከባቢ’ዩ። ኣብ’ዚ ዝሓለፈ ቅንያት’ውን ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ቀጠር ዳህሳስ ኣብ ዝገብረሉ ዝነበረ እዋን፡ ሓደ ወታሃደራዊ መኮንን ጁቡቲ ኣብ ምስናይ እናሃለወ፡ ብወታሃደራት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ውዒሉ። እዚ ተረኽቦ’ዚ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ንቡር ምርግጋእ ተሓሲምዎ ናይ ኩናት ደበና ዘንጸላልዎ ዝነበረ ዞና፡ ደግሲ ዘይምርግጋእ ኣጋጢሙዎ ምንጪ ሻቕሎት ኮይኑ ቀኒዩ። ብመንጎኛነት መንግስቲ ቀጠር፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኣተወ ናይ ጅቡቲ መኮንን፡ ነጻ ክልቀቕ ተደጋጋሚ ጻዕርታት’ኳ እንተተገበረ፡ ስርዓት ህግደፍ ብምሕንጋዱ ወተሃደራዊ ምትፍናን ክልቲኤን ሃገራት ክዛይድ ዝገበረ’ዩ።

እዚ ኩነታት’ዚ ከምዚ’ሉ እናሃለወ፡ ወተሃደራት ፈረንሳን ጅቡትን ብነፈርቲ ውግእ ዝተሰነየ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ውሽጢ’ቲ ቅንያት ከም ዘተኻየደ ወግዓዊ ጸብጻባት ክልቲኡ ሃገራት ኣሚቶም። እዚ ምዕብልናታት’ዚ፡ ነቲ ኩነታት ብቐረባ ንዝከታተልዎ ዝነበሩ ሸነኻት፡ እንታይ ደኣሉ? ዝብል ሕቶ ፈጢሩሎም።

ብካልእ ገጽ ከኣ፡ ኣብ መንጎ መንግስታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ሓደ ወተሃደራዊ ስምምዕ ከም ዝተበጽሐ ብማዕከናት ዜና ዕላዊ ኮይኑ። እዚ ስምምዕ’ዚ፡ መንግስታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ንዘዋስንዎም ሓባራዊ ዶባት፡ ካብ ጸጥታዊ ስግኣታት ሓራ ንምግባር፡ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ብማዕረ ዝተዋጽአ ሓባራዊ ሰራዊት ብምቛም፡ ብሓደ ወታሃደራዊ ኮማንድ እናተማእከለ ርግኣትን ጸጥታን እቲ ከባቢ ንምርግጋጽ ዝዓለመ ምዃኑ ተገሊጹ። ቀቅድሚ’ዚ ስምምዕ’ዚ፡ ብሸነኽ ተቓውምቲ ሓይልታት ሱዳን፡ ኣብ ፓሪስ ሓባራዊ ጉባኤ ምግባሮም፡ ብዓበይቲ ማዕከናት ዜና ተቓሊሑ። ምስ’ዚ ፍጻመ’ዚ ስዒቡ ከኣ፡ ገለ ሸነኻት ተቓወምቲ ሓይልታት ሱዳን፡ ምስ መንግስቲ ሱዳን ዝኣተውዎ ውዕላት ሰላም ኣመልኪቶም፡ “መንግስቲ ሱዳን ኣብ ቃሉ ኣይተረኽበን” ክብሉ ክስታት ምልዓሎም ብሰፊሑ ተዘሪቡሉ። እዞም ሸነኻት’ዚኣቶም ነዚ ክሲ’ዚ መበገሲ ብምግባር፡ ናብ’ቲ መዕቆቢኦም ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ከምዝኣተዉን “ዳግም ዕጥቃዊ ቃልሲ ክጅምሩ ይተኣኻኸቡ ኣለዉ” ዝብል ቤላ-ቤሎ’ውን ተፈኒዩ።

ብተወሳኺ፡ ኤርትራ ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣኣ ጥራይ ኣቢላ ኣባል ክትከውን ዝግባኣ ዝነበረ፡ ግን ከኣ ብሰንኪ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ባህርያዊ ቦትኣን ኣህጉራዊ ኣበርክቶኣን ዝተሰገረሉ፡ ንዓሰርተ ሃገራት ብኣባልነት ዝሓቁፈ ናይ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ሓደጋ ምክልኻል ወታሃደራዊ ብርጌድ፡ ስርሑ ንምጅማር ይበጋገስ ምህላዉ ዕላዊ ዝኾነ’ውን ኣብ’ዚ ቅንያት’ዚ’ዩ። እዚ ወታሃደራዊ ብርጌድ’ዚ ብመሰረት ኣፍሪቃዊ ሕብረት፡ ንኣህጉርና ኣፍሪቃ ኣብ ሓሙሽተ ዞባ ብምኽፋል፡ ካብ ኩለን ሃገራት ብዝተዋጽኡ ወታሃደራት፡ ኣብ ሓሙሽቲኡ ዞባ ንዝፍጠር ናይ ጸጥታ ሽግር፡ ብዘይሻራዊ ትካል ንምፍታሕ ክሕግዝ ይኽእል’ዩ ኢሉ ዘሕለፎ ውሳነ መሰረት ዝገበረ’ዩ። ኤርትራ ኣባል’ዚ መስርሕ’ዚ ኣይኮነትን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነዚ ዕማም’ዚ ኣብ ምፍጻም ብዓል-ቤት ናይ ዝኾነ ዘይ-መንግስታዊ ትካል (ኢጋድ) ኣባል ሃገር’ውን ኣይኮነትን። እዚ፡ ምልክት ከቢድ ዲፕሎማስያዊ ስዕረት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ’ዩ።

ካብ’ዚ ብዘይተፈለየ፡ ሓደ መልክዕ መግለጺ ፖለቲካዊ ምዕብልናታት ናይ ዞባና ዝኾነ ካልእ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ’ውን ኣሎ። ኣብ መንጎ መንግስታት የመንን ኢትዮጵያን፡ ኣቐዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዕ መሰረት ዝገበረ፡ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ጥቡቕ

ዝምድና ዝነበሮ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ከአ ብግብረ-ሽበራ ተኸሲሱ ብሞት ዝተፈርደን ብጽኑዕ ዝድለ ዝነበረን ኣቶ እንዳርጋቸው ጽጌ፡ ካብ ዱባይ ብየመን ናብ ኤርትራ ክሰግር እንከሎ፡ መንግስቲ የመን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣውዒሉ ንመንግስቲ ኢትዮጵያ የሕሊፉ ምሃቡ እዩ። ድሕሪ'ዚ ተረኺቡ፡ ብስራሕ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ መገሻ ዝገበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ኣቶ ሃይለማርያም ደሳለኝ ምስ ሓንቲ ማሕበረሰባዊት ሬድዮ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት "ንኢትዮጵያ ናይ ምሕማስ ኣጀንዳ ዘለዎም ሓይልታት ኣብ ኤርትራ'ዮም ዓስኪሮም ዘለዉ.....ስርዓት ሻዕብያ ድሌታቱ ንምርዋይ መጋበርያ ጌሩ ይጥቀመሎም ኣሎ..." ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ልዕሊ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ተሪር መጠንቀቕታ ምምሕልላፉ እዩ። ብርግጽ እዚ ናይ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መግለጺ፡ ብትሕዝቶ ካብ'ቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ህግደፍ፡ ክስንዝሩዎ ዝጸንሑ ተደጋጋሚ መጠንቀቕታታት ብትሕዝቶኡ ዝፍለ ጌርካ ዝረአ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን እዚ ቃለ-መሕትት'ዚ፡ ነቶም መሕብኢ ባዕቲ ክረኽቡ ከቃምቱ ዝጸንሑ ሓይልታት በለጽን ትምክሕትን ጽቡቕ ኣጋጣሚ ፈጢሩሎም። ስለዚ ከአ፡ ነቶም ኣብ ዞባና ዝተራእዩ ዝተፈላለዩ ፍጻሜታት ናብ ሓደ ምሉእ ስእሊ ብምልጋብ፡ ነናይ ገዛእ-ርእሶም ትርጉማት ክህብዎ፡ ኣጀንዳታቶም ክሰራስሩሉ፡ ዝሓገዞም ማእከላይ-ነጥቢ ኮይኑ ቀንዩ። ካብ ሞንጎ'ዞም ሓይልታት ትምክሕትን በለጽን ቀንዲ ንጡፍ ተዋሳኣይ ዝነበረ ከአ፡ ባዕሉ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ'ዩ።

ምኽንያቱ ከአ፡ ሓደን ሓደን'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍ ብቀጥታን ብተዘዋዋርን መንገዲ ተሳትፎ ዝገብረሎም ዝነበረን ብረብሓታቱ ክቓንዮም ዝሓሰቦም ዞባዊ ኣጀንዳታት፡ ካብ ቁጽጽሩ ወጻኢ እናኾንዎ፡ ህልውንኡን ናይ'ቶም ዝተመሓዘዎም ዞባዊ ሓይልታት ህልውናን ፡ጸሓዮም እናዓረበቶም ትኸይድ ምህላዋ ስለዝተገንዘበ እዩ። ስለዚ ከአ ብቐሊሉ ኢዱ ንዘይምሃብ ሓድሽ ደመና ስግኣት ኣብ ምምሃዝ ክኣቱ ግድን ኮኖ። እታ ኣብ ቅድሚኡ ዘላ ዘይትበሊ መጣልዒት ካርትኡ ድማ፡ "ልኡላውነትካ ኣብ ሓደጋ ኣትዩ" ዘስምዕ ናይ ኩናት ነጋሪት ምህራም እያ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ፡ ውዕውዕ መዛረቢ ኣጀንዳ ተፈጢሩ። እዚ ኣጀንዳ'ዚ እናተላበዐ ብምኻድ ኣብ ሞንጎ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን ከይተረፈ፡ ደምበታት ዝፈለየ ክሳብ ዝመስል ርሱን ክትዓት ክካየደሉ ወሪሑ።

ብርግጽ ኩሎም ኣብ'ዚ ኣጀንዳ ተጸሚዶም ዝቐነዩ ሸነኻት መበገሲኦም፡ ብትሕዝቶ ይኹን ብመልክዕ ዝተፈላለየ ምንባሩ ካብ ወጋሕትኡ ፍሉጥ'ዩ ኔሩ። ፊተውራሪ ናይ'ዚ ኣጀንዳን ኣሳሰይቱን፡ ንኲናትን ወረ-ኲናትን ከም ጽቡቕ መሕብኢ በዓቲ ዝጥቀመሉ፡ ንዝተፈጥሩ ኣጋጣሚታት ከም ባላንቺና እናነፍሑ፡ ነቲ ኣብ ስግኣት ዘሎ ኤርትራዊ፡ "ልኡላውነትካ" ኣብ ሓደጋ ወዲቑሎ ዝብል መልእኽቲ ብምሕላፍ፡ ካብ ቀንዲ መድረኻዊ ዕዮታቱ ከባኽሩዎ ብመደብ ዝወፈሩ፡ ህግደፍን መጋበርያታቱን'ዮም ኔሮም።

በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፡ እቲ ኣብዝሓ ክፋሉ ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ተጸሚዱ ዝቐነየ፡ ዳግም ኲናት እንተተላዒሉ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣሻቒልዎ፡ "ነዚ ኲናት ኣብ ምግታእ ይኹን ክሳራታቱ ኣብ ምውሓድ እንታይ ክግበር ኣለዎ?" ካብ ዝብል ኩርናዕ ዝብገስ ሓይሊ'ዩ። እዚ ሸነኽ'ዚ፡ ንጹሃት ዜጋታትና ኣብ ዘይውክሎም ፋሽስታዊ ናይ ጥፍኣት መጋርያ ዳግም ከይሃልቁ፡ ሓልዮት መበገሲኡ ዝገበረ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ኣኽብሮት ዝግብኦ'ዩ። ግን ከአ፡ ቅኑዕ ናይ መኸተ ኣንፈት ኣብ ምኽታል ዝተጸገመ ነበረ። ምኽንያቱ "እንታይ ይገበር?" ኣብ ዝብል ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ክትዓትን መንፈስ ምጽውዋሩን ክረአ እንከሎ፡ ህግደፍ ናይ ዝሃንደሶ ስግኣት ግዳያት ኣብ ልዕሊ ምዃኖም፡ ነቶም ኣብ ሓደ መስርዕ ክስለፉ ዝግብኦም ውጹዓት ንምክፍፋል፡ ዝጥቀመሎም ሜላታት፡ ግቡእ ኣድህቦ ከም ዘይተገረሎም ምስትውዓል ይከኣል።

ስለዚ ከአ እቲ ኣብ ሞንጎ ክልተ ተጻረርቲ ድሌታት፡ ብቐሉዕን ስውርን መልክዑ ዝተወለዐ ናይ ኣረእእያ ኲናት፡ ኣብ'ቶም ቴክኖሎጂ ዝፈጠሮም ዓውዲ-መራኸቢታትን ኤርትራዊ ዝነጠበለን ኩለን መድረኻትን፡ ከም ሓደ ተባራዒ ኣጀንዳ፡ ሃምን ቀልብን ዜጋታት ገዚኡ፡ ብግዜ፣ ጉልበትን ገንዘብን ዘይግመት ዋጋ በሊዑ። እቲ ዘሕዝን፡ ካብ'ዚ መን ከሲቡ? ዝብል ሕቶ ክለዓል እንተኾይኑ፡ እቶም ሰብ-ውራይ ዝኾኑ ፋሽስታዊ ስርዓት ህግደፍን መጋበርያታቱን እዮም።

እዚ ከምዚ ዓይነት ዘይተጨበጠን ምንጩ ዘይተረጋገጸን ኣጀንዳታት መልክዓቱ እናቐያየረ ይደጋገም ምህላዉ ድማ፡ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ'ዩ። እዚ ድማ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ፡ መላእ ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ህዝብታትናን ብሓፈሻ፡ መንእሰያት ኤርትራ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ክሊ ቅኑዕ ዲሞክራስያዊ መሪሕ ውድብ፡ ንጡፍ ፖሎቲካዊ ሂወት ዘሕልፉሉን ብቕኑዕ ራእይ ኣንጻር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ ክቃለሱ ዘብቅዖም ደረጃ ንቕሓት ክሲጋገሩ ብዘይምብቀዖም እዩ። ከም'ዚ ዝበለ ዘይተወደበ ናይ ቃልሲ ህይወት፡ ንቤላ-ቤለው ዝጸውርን ዓቕምታቱ ኣብኡ ዝጸምድን ብምዃኑ፡ ካብ ንጡፍን ንቑሕን ዓውዲ-ቃልሲ ዘብኩር'ዩ። እቲ ክሳራ ድማ፡ ኣመና ገዚፍ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ከአ፡ ንሞራልን ንያትን ደለይቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ብመስርሕ ዘዳኽም'ዩ ።

ህዝብን ሃገርን ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ተሳጢሓም፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክልኢት ብጻዕረ-ሞት እናተሳሕጉ፡ ናይ ርዱኡና ኣውያት ዘስምዑሉ እዋን'ዩ። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ኣጋጢምዎ ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ፡ ካብ ግጉያት ፖሊሲታቱ ዝብገስ፡ ንመላእ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ኤርትራ ከአ ብፍላይ፡ ደም-ዘንብዕን፡ ንጥፍኣት ዝዳረገን ኣግላልን ትምክሕታውን ባህርያቱ ዝወለዶ'ዩ።

ነዚ ጸረ-ሰላም፣ ጸረ-ደሞክራሲን ጸረ-ብዙሕነታዊ ክውንነት ህዝብታትናን ዝኾነ ፋሽስታዊ ስርዓት፡ ብቐዳምነት ካብ ምድር-ቤትና ኣሊና፡ ነቲ ከም ህዝብን ሃገርን ዝሀድደና ዘሎ ሓደጋ ብምዕጻፍ ድሕንነትና ኣውሒስና፡ ናብ ኣወንታዊ ነገራዊ ሓይሊ ናይ ምቕያሩ መድረኻዊ ዕዮ-ገዛ፡ ናትና ናይ ህዝብታት ኤርትራ ቀንዲ ዋኒን እዩ። ምኽንያቱ፡ እቲ ብመሪር መስዋእትን ስንክልናን ህዝብታትና ዝተነድቀ፡ ብሰንሰለታዊ ቃልሲ ወለዶታት ክውን ዝኾነ ኤርትራዊ ሃገራውነትናን ብሉጽ ክብርታትናን ደኺዕ-ኺዕ ኣቢሉ፡ ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣሳጢሑ "ልኣላውነትና" ከቢድ ሓደጋ ከንጸላልዎ ዝገብር ዘሎ፡ ባዕሉ ገበነኛ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ብምዃኑ'ዩ። ከም ኤርትራውያን ብሓባር ክንጸባጸቦ ዘምሕረልና፡ ግቡእ ታሪኻዊ ፍርዲ ክንህበሉ ዝግብኣና ጉዳይ፡ ብቐዳምነት፡ ንገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍ እዩ። ነዚ ፋይል'ዚ ታሪኻዊ መዛዘሚ ጌርና፡ ሃገርና ኤርትራ ዜጋታታ ዝሕበኑላ፣ ኅይቶት ህልውን መጻእን ዕድላቶም ዝኾኑላ፣ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስርዓት፡ ኣብ ልዕሊ መቓብር፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምስ እንተክል እዩ። በዚ ኣቢልና ከም ኤርትራውያን፡ ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን መድረኻት ኣብ ንቡር ቦታና ክንምለስ፡ ረብሓታትናን ክብርታትናን ክንዕቅብ፡ ዘብቅዓና ዓቕሚ ተደማጽነት ክንውንን ንኽእል። ስለዝኾነ ድማ፡ ካብ'ዚ ዓብይ እዋናዊ ዋኒን'ዚ ከተኣንጉለና፡ ኣብ ጓል-መንገዲ ክጸምደና ንዝህቅን ኩሉ መልክዓት ተጻብኦ ይኹን ምድንጋር፡ ብንቕሓት ክንምክቶ ጊዜ ዘይህብ እዋናዊ ዕዮና ክኸውን ይህልዎ።

ከም ህዝብን ሃገርን ቀንዲ ዋኒንና ኣለሊና፡ ዕርፊ ኣጽኒዕና እንተኼድና፡ ንባህግታትና እተርዊ፡ ክብርትን ሕፍርትን ሓዳስ ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምህናጽ ክንበቅዕ ኢና። ነዚ ኣብ ምትግባር እንተሰኒፍና ግን፡ ኣብ ዕንኪሊልን ቤላ-ቢሎን እናተላሃና፡ ግዳይ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ/ህግደፍን ናይ ጥፍኣት ፖሊሲኡን ክንከውን ኢና። ብእምነት ውድብና ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ ምርጫ መላእ ህዝብታት ኤርትራን ተቓለስቲ ሓይልታቱን፡ ከም'ቲ ቀዳሞት ወለድና ዝመሰሉዎ፡ "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ!!" ዝብል ክኸውን ይግባእ።

ቃልሲ መሰረቲ ሓቀኛ ሓርነት
ንሃገር መሰረት ብሓባር ክንሃንጾ ኢና!!!